# አገዳሲ ህዝባዊ ምልክታ/ሓቤረታ፤ ዘተ ምስ አባላት

## ሲቪላውያን ማሕበራት፡ ተኻፊልቲ አኼባ ኤ.ዴ.ኪ፡ ካብ አመሪካ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ደቂ ሃገር፣ ብቀዳምነት ልዑልን ምውቕን ሃገራዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም።
እነሆ ሕጂ እውን፣ ልሙድ መደብና መሰረት ብምግባር፣ ንቀዳም ዕለት 07. ወርሒ 06. 2008 ዓ.ም.፣ ክልተ ደቂ ሃገር ካብ አሜሪካ፣ አቶ ሰመረ ተ. ሃብተማርያም ካብ ዳላስ (Dallas)፤ አቶ ሃይለማርያም ተስፋይ ካብ ሳን-ዲያጎ (San-Diago/ California)፤ አጋይሽ ናይ „Eritrean Room For Strong And United Opposition“ ኮይኖም ከምስዩ ዓዲመናዮም አሎና። ምስ እዞም ክልተ ደቂ ሃገር ክንዛተ፡ ማሳና ከምስዩ ዘዔደመና ምኽንያት ካአ፡ ን-„Eritrean Global Solidarity“ ወኪሎም፣ ከም ታዓዘብቲ፣ አብቲ ካብ ዕለት 05-11. ወርሒ 05. ዝተገበረ አኼባ ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን፣ ተኻፊሎም ስለ ዝነበሩ እሞ፡ ነዚ መሰረት ብምግባር፣ እቲ ሓቀኛ ስእሊ ናይቲ አብ አዲስ አበብ ዝተገበረ አኼባ ኤ.ዴ.ኪ (EDA) ንህዝቢ ንምሕባር እዩ።

አቶ ሰመረ ተ. ሃብተማርያም አባል ናይ „Eritrean American Public Forum“ አብ Dalls ክኸውን እንከሎ፡ አቶ ሃይለማርያም ተስፋይ ካአ አባል ናይ „Citizens United For Human Rights In Eritrea“ አብ San Diego እዩ። እዞም ክልተ ኤርትራውያን እዚአቶም ሕልንኦምን ሞራሎምን ተማእዚዞም፣ አብዘን ዝተጠቐሳ ሲቪላውያን ማሕበራት ተወዲቦም፣ ህዝብና መሰረታዊ ሰብአዊ መሰላቱ ፈሊጡ፣ ካብዚ አብ ሃገርና ዘሎ፣ ቅዋማዊ መንግስቲ ምኳን ፈንፊኑ፣ ብዓመጽን ጭቖናን ህዝብና አብ ትሕቲ ናቱ ምልኪ ከንበርክኽ ዝፍትን ዘሎ ስርዓት፣ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንኸጋላገል ምእንቲ፣ ተቃሊሶም ዘቃልሱ ዘለዉ ዜጋታት እዮም። ቃልሲ እዞም ክልተ ዜጋታት እዚኦም፡ አብዘን ዝተጥቐሳ ሲቪላውያን ማሕበራት ታሓጺሩ ዝተረፈ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንታይ ዳአ፡ አብቲ ነዘን ኩለን አብ አሜሪካ ዝርከባ ሲቪላውያን ማሕበራት አሕቢሩ፣ ሓያል ናይ መቃለሲ ባይታ ክፈጥር ተብሂሉ ዝተሃነጸ፣ ብ-„Eritrean Global Solidarity“ ዝፍለጥ፣ መርበብ፡ አቶ ሰመረ ተ. ሃብተማርያም ከም ፕረሲደንት፣ አቶ ሃይለማርያም ተስፋይ ካአ ከም ታሓዚ ንብረት፣ ኮይኖም፣ ብትሪ አንጻር ግህሰት ሰብአዊ መሰል አብ ኤርትራ ንምምካት፣ ዘገልግሉ ዘለዉ ዜጋታት እዮም። አቶ ሰመረ ሃብተማርያምን አቶ ሃይለማርያም ተስፋይን ነዚ 15 ሲቪላውያን ማሕበራት አሜሪካ ዘጠቓልል፣ „Eritrean Global Solidarity — Justice — Human Rights — Democracy“ ተብሂሉ ዝስመ፣ ወኪሎም፣ ንምርግጋጽ ግልጹነት፣ ናብቲ አብ አዲስ አበባ፤ ካብ ዕለት 05 — 11. ወርሒ 05. 2008፤ ዘተገብረ አኼባ ኢርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን (ኤ.ዴ.ኪ) ሰለዝተኻፈሉ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ናይቲ ዝተገበረ አኼባ ኤ.ዴ.ኪ፣ ሓቀኛ ስእሊ ክህልዎ፣ ክሕበርን ክፈልጥን፣ መሰረታዊ ሰብአዊ መሰሉ እዩ፡ ዝብል ዕግበት ስለዘለዎም፡ ትዕዝብቶም ብዛዕባ እቲ አኼባ ስፍሕ ዝበለ መግለጺ፡ አብ ዕለት 07. ወርሒ 06. 2008፡ ክህቡ ሰናይ ፍቃዶም እዩ። እዚ ስለዝኾነ እቲ ሓቂ ካአ፡ ኩሉኻትኩም/ክን አሕዋትን አሓትን ደቂ ሃገር፡ እዚ ፖለቲካዊ ዘተ እዚ ካይሓልፈኩም፡ ምሳና ክተምስዩ፣ አብ መራኸቢ ብዙሓን ፓል-ቶክ (Paltalk) „Eritrean Room For Strong And United Opposition“፣ ብኽብሪ ንዕድም።

<u>መታሓሳሰቢ፤</u>
ብቐጻሊ እውን፡ ከም አጋይሽ „Eritrean Room For Strong And United Opposition“፤ አቶ ሳልሕ ቃዲ ወናኒ awate.com ካብ አሜሪካ ን-ዕለት 14.06.2008፤ Dr. አሲያ ዓብደልቃድር ካብ ጀርመን ን-ዕለት 19.06.2008፤ ክንቅርበልኩም ምኻና፡ ካብብሕጂ ክንሕብር ንፈቱ።

ብዳሓን ምጽኡ።

ካብ ኤርትራውያን፣ አባላት ዝተፋላለያ ውድባት፣ ሲቪላውያን ማሕበራት፣ ብውልቀ ተቓወምቲ፣ አብ መራኸቢ ብዙሓን፣ ፓል-ቶክ (Paltalk)፤ ብዛዓባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፣ ከምኡ እውን ከም ተቓወምቲ መጠን፣ ብዛዕባ አግባብ አቃላልሳና፣ እንማያየጥን እንዛተን ደቂ ሃገር።
erfsauo@yahoo.com